ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية -حيدرى

# ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

## ውድባዊ መግለጺ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ኣብ ታሪኽ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ንተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ዘውሕስን ስልጣን ብሰላም ንምስግጋር ዘኽእልን ወግዓዊ ውድባዊ ሕግታት ሓንጺጹ ዝወጸ ውድብ ኢዩ። እዚ ድማ ኣብ ሕገ ህንጻኡ መንእሰያት ሙሉእ ተሳትፍነት ዘርእዩሉ፡ ስልጣን ኣቦመንበር ውድብ ድማ ብናይ ክልተ ነናይ ክልተ ዓመት ምርጫታት ኣቢሉ ብዝካየድ ስነስርዓት ካብ ኣርባዕተ ዓመት ከይሓልፍ ዝወሰነ ውድብ ኢዩ። እዚ ፍሉይ ናይ ቃልሲ ኣገባብ እዚ ክትኣታቶ እንከሎ ዘሐጉሶን ዘኾርዮን ክህሉ ከምዝኽእል ናይ ብዙሓት ኣባላት ውድብ ተረድኦኳ እንተነበረ ንውድብ ኣብ ብርቱዕ ቅልውላው ከእቱ ኢዩ ዝብል ስግኣት ግና ኣይነበረን። ኣብ ሕብረትሰብ ታሪኽ ወለዶ ብወለዶ ክትካእ ባህርያዊ ከምሙኧኑ መጠን ኣብ ኣገባብ ቃልስኻ መንእሰያት ዘሳተፉሉ ክፉት መድረኽ ምፍጣር እውን ነዚ ተፈጥሮኣዊ ናይ ምትኽኻእ ሕጊ ዝተኸተለ ስለዝኾነ ስነሞጎታዊ ኢዩ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ናይዚ ራእይዚ ወናኒ ብምኳኑ ንሓደ ዝተወሰነ ግዜ ዘጋጠሞ ሓጎጽጎጽ ሰጊሩ እነሆ ሎሚ ዓበይትን መንእሰያትን ብማዕረ ዝሳተፉሉ መሪሕነት ሒዙ ናብዚ ሓድሽ ናይ ቃልሲ መድረኽ ከመጽእ ክኢሉ ኣሎ።

ውድብና ነቲ ሃገርን ህዝብን ልዕሊ ኩሉ ዝብል መርሆኡ ንምትግባር ነቶም ንመሪሕነት ከም ርስቶም ዝርእዩዎ ሒዙ ዘይኮነስ ንመላእ ሕብረተሰብና ሓቝፉ ክጓዓዝ ዝወሰነ ውድብ ስለዝኾነ ሕጂውን ብኸምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዕላማ ብሕብረብሄራዊ ኣሰላልፋ ንቕድሚት ንምጓዓዝ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ ክምርሽ ዝተዳለወ መሪሕነት ንምምራጽ በቒዑ ኣሎ። ኣብ 2016 ዓ.ም. ካብዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ናይ ቃልሲ ባህርያት ዝተበገሰ ናይ ለውጢ ማዕበል ንውድብና ብቐሊሉ ኣብ ዘይግመት ሓጎጽጎጽ ኣእትዩዎ ኔሩ ኢዩ። ምስ ሕብረተሰባዊ ምዕባለታት ኣተሓሳስባ ውልቀሰብውን  ክልወጥ ስለዝኽእል ውድብና ናይ ቃልሲ ራእዩ ኣብ ፕሮግሙ ከስፍር እንከሎ ሓቢሮም ዝሓንጸጹ ብጾትና ድሕሪ ግዜ ኣንጻሩ ክጓዓዙ ምርኣይ ዘሕዝን ኢዩ። ብፍላይ ኣብቲ ግዜቲ ንዕኡ ንምትግባር መሪሕ ተራ ክጻወት እትጽበዮ ኣቦመንበር 360 ዲግሪ ተጠውዩ ኣንጻሩ ክቃለስ ናይ ማንም ትጽቢት ኣይነበረን። እቲ ዘጋጠመ ግና ንሱ ኢዩ። ንኽልተ ዓመት ኣቦመንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ኮይኑ ክመርሕ ዝጸንሐ ብጻይና ነበር ንዝተወሰኑ ሰዓብቱ ሒዙ ካብቲ ውድብ ንነብሱ ኣግሊሉ ኣሎ።

ብእምነትና መሰል ተጻባእትኻ ምኽባርውን ሓደ ናይ ቅኑዕ ቃልሲ ባህሪ ስለዝኾነ ነቶም ካባና ክፍለዩ ዝወሰኑ ኣባላትና ነበር ዓወት ካብ ምምናይ ሓሊፍና ምስኦም ኣብ ናይ ፕሮፓጋንዳ ሓሸውየ ክንኣቱ ድሌትና ኣይኮነን። ከም ደቂ ሃገር ንኹልና በብዝኸድናዮ ናይ ቃልሲ መስመር ዓወት ይሃበና ጥራይ ኢልና ክንሓልፎ ንመርጽ። እቲ ዝሓለፍናዮ መስርሕ ብመሃርነቱ እንተተቐበልናዮ ድማ ናይ ተሞኩሮ ሃብታማት ስለዝገብረና ቅኑዕነት መስመርና ብደገፍ መሰረታትና ኣረጋጊጽናዮ ኢናሞ ንኹሎም ቀጻልነት ውድብና ዝምነዩ እንቋዕ ሓጎሰኩም እንቋዕ ሓጎሰና ክንብል ንፈቱ። ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ነቶም ናብ ጉባኤ ዝወከሎምን ንቕዳሞት መራሕትን ዘሳተፈ ህጹጽ ኮንፈረንስ ብምክያድ ነቶም ነብሶም ዘግለሉ ኣባላት መሪሕነት ነበር ተኪኡ ናብቲ ዝቕጽል ጉባኤ እተሰጋግር 17 ኣባላት ዘለዉዋ መሰጋገሪት ማእከላዊት መሪሕነት ውድብ ኣቑሙ ኣሎ። እዛ መሪሕነት እዚኣ ብወገና 7 ኣባላት ዘለዉዋ መሰጋገሪት ፈጻሚ ኣካል መሪጻ ናብ ንቡር ንጥፈታት ተመሊሳ ኣላ። ኣባላት ናይዛ ንዕለታዊ ናይ ውድብ ንጥፈታት እትመርሕ መሰጋገሪት ፈጻሚት ኣካል እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ብጻይ ጥዑምዝጊ ጠዓመ — ኣቦመንበር
2. ብጻይ ሃይለ ወልደሚካኤል — ም/ኣቦመንበርን ዋና ጸሓፍን
3. ብጻይ ሓየሎም ዳንኤል — ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ውደባ
4. ብጻይ ብርሃነ ገብረመድህን — ሓላፊ ዝምድናታት
5. ብጻይ ዮናስ መብራሀቶም — ናይ ወተሃደራውን ጸጥታውን ጉዳያት ሓላፊ
6. ብጻይ ኣሰፋው ኣስመሮም — ናይ ዜናን ባህልን ሓላፊ
7. ብጻይቲ ኣዜብ ሃብተማርያም — ናይ ቁጠባን ማሕበራውን ጉዳያት ሓላፊት ኢዮም።

በዚ ኣጋጣሚዚ ውድብና ስሩዕ ጉባኤኡ ድሕሪ ሾመንተ ኣዋርሕ ከካይድ ከምዝወሰነ ንሕብር። ሎሚ ንህዝብና ዘይወረዶ ግፍዒ ስለዘየለ ብዛዕብኡ ንዛረበሉ ዘይኮነስ ንወሳኒ ፍታሕ ብሓባር ንቃለሰሉ እዋን ኢዩ። ሎሚ ምፍንጫልን ንሓድነት ምሕሳምን ንወጽዓ ህዝብኻ ብዕቱብን ብተዋፋይነትን ካብ ዘይምርኣይ ጥራይ ኢዩ ዝብገስ። ስለዚ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ተላዚቡን ተቐራሪቡን ክሰርሕ ድሉው ሙኳኑ ጥራይ ዘይኮነስ እንኮ ዋሕስ ዓወት ንሱ ሙኻኑ እውን ይኣምን። ነዚ ድማ ኣበርቲዑ ክቃለስ ሙኻኑ ንህዝብናን ፈተውትናን ከረጋግጽ ይፈቱ። ሕጂውን ኣብ መስርሕ ዝርከብ ሓያሎይ ርክባትን ልዝብን ይፍጸም ምህላዉ ነበስር።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!
መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ
09. 01. 2017